## ድሕነታዊ-ሓለዋ ዓበይቲ (Safeguarding Adults) ኣብ ኣደዳ ዓመጽ/በደል ዝርከቡ ወይ ኣስጋእነት ንዘለዎም ሰባት፡ ናይ ኣተሓሕዛ ሽለልትነት ዘጋጥሞም ወይ ንገዛእ-ርእሶም ንኽይከላኸሉ ሽለልትነት ንዘርእዩን፡ ንምድሓን ይሳተፍ።

ዘተኾረሎም ሓገዛት ድማ፡ ብዕድመ-ዝዛመድ ተነቃፍነትን፡ ናይ ምምሃር ወይ ኣካላዊ መግዳዕቲ/ስንክልናን፡ ሕዱር ሕማምን፡ ናይ ኣእምሮ ጥዕናዊ ጸገማትን፡ ምርኩሳ ናይ ጐዳኢ ንጥረ-ነገር ወይ ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ኾነታትን፡ ንዘለዎም ሰባት ድሕንነቶም ንምሕላው ምሕጋዝ እዩ።

ሓደ-ሓደ ሰባት ብዛዕባ ዘጋጥሙዎም ነገራት ንኽዛረቡሎም ዘይደልዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እምበኣር እዚ ተበታኒ ወረቐት’ዚ (leaflet) ድሕነታዊ-ሓለዋ ዓበይቲ (Safeguarding Adults) መኣስ ክሕግዘኩም ከምዝኽእል ዝሕብሩ ኣብነታትን፡ ከድልዩኹም ዝኽእሉ ናይ ርክብ ዝርዝራትን ይህበኩም።



“ኣደይ ኣብ ናይ መእለዪ ኣረጋውያን ገዛ እያ ትቕመጥ። ወትሩ ጽምእትን ዘይትሕጸብን እያ ኔራ። ንሰራሕተኛታት ተዛሪበዮም፡ ግን እቶም ጸገማታ ኣይተመሓየሹን። ን ማሕበራዊ ክንክን ዓበይቲ (Adult Social Care) ምኽሪ ደልየ ደዊለሎም። ኣብኡ ዘለዉ ሰባት ድማ ሰሚዖምንን ሓጊዞማን። ሕጂ ኣደይን ኣነን ሕጉሳት ኢና።”

## ሓገዝን ምኽርን

ዝኾነ ሰብ እንተድኣ ግዳይ ዓመጽ/በደል ኰይኑ ወይ ከኣ ኣስጋእነቱ ሃልዩዎን፡ ናይ ኣተሓሕዛ ሽለልትነት እንተተመኲሩን ወይ ከኣ ናይ ገዛእ-ርእሱ ሽለልትነት ሃልዩዎን፡ ክሕግዙ ዝኽእሉ ሰባት ኣለዉኹም።

### ምስ ናይ ሊድስ ማሕበራዊ ክንክን ዓበይቲ (Adult Social Care) ርክብ ግበሩ።


- ቴለፎን፡ 0113 222 4401
- BSL: www.leeds.gov.uk/accessibility
- ብኣካል፡ ኣብ ናይ ካንስላዊ ዋን ስቶፕ ማእከል/ኮማዊ ማእከል (Council One Stop Centres/Community Hubs)

ኣስተውዕሉ፡ ሓደ ሰብ እንተድኣ ኣብ ቅጽበታዊ ስግኣት መጕዳእቲ ወይ ሃስያ ሃልዩ፡ ብቐጥታ ናብ ፖሊስ 999 ደዉሉ። ኣብ መናበዪ ኣረጋውያን (care home) ወይ ኣብ ቤት ሕክምና/ሆስፒታል ወይ ኣብ መዕረፊ ውጹዓት (hospice) ዘሎ ሰብ ስክፍታ/ሰሃሮ እንተድኣ ሃልዩኩም፡ ንሓደ ኣባል ሰራሕተኛ ወይ ነቲ ሓላፊ ክትዛረቡዎ ትኽእሉ ኢኹም። (Adult Social Care) ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ሓበሬታ’ዚ ብፍሩይ ወይ ብፊደለ-ዕውራን/ብረይል ወይ ብድምጺ ዚስማዕ (audio) ወይ ናይ ማሕበረ-ኮማዊ ቋንቋ እንተደሊኹም ናብ 0113 378 9455 ደውሉ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ድሕነታዊ-ሓለዋ ዓበይቲ (Safeguarding Adults) ኣብ ሊድስ፡ www.leedssab.org.uk ተወከሱ።

# ድሕንነታዊ ደገፍ ኣብ ሊድስ ንዝነብሩ ሰባት



Leeds Safeguarding Adults Board


# ድሕንነታዊ ደገፍ ኣብ ሊድስ ንዝነብሩ ሰባት

Tigrinya

“መጻምድተይ ይሃርመንን፡ መንኰርኰራዊ መንበረይ እንዳግደፈ እንታይ ክገብር ከምዝኽእል ይቈጻጸረንን ኔሩ። ን ማሕበራዊ ክንክን ዓበይቲ (Adult Social Care) ድማ ደዊለሎም። ከምኡ ብምግባረይ ከኣ ሕጉስ/ቲ እየ። ብሳላ ሓገዞም ሕጂ፡ ዳግማይ ከምዝደሓንኩ ይስምዓኒ።”



“ወዲ ሓወቦይ/ወደኮይ (cousin) ንበይኑ ነብሱ ክኣሊ ኣይክእልን’ዩ፡ ግን ከኣ ናይ ዝኾነ ሰብ ሓገዝ ኣየፍቅድን። ገዝኡ ብጐሓፍ ዝመልአ’ዩ ኔሩ፡ ሓደገኛ’ውን እዩ ኔሩ። ምስ ማሕበራዊ ክንክን ዓበይቲ (Adult Social Care) ከኣ ርክብ ጌረ፡ ኣብ ዳግማይ ድሕንነቱ ዝምለሰሉ ውጥን ንኽገብር ድማ ሓጊዞሞ።”



“መሓዛይ ናይ ኣእምሮ ዝንጋዐ ኣለዋ፡ ጓላ ድማ ሽዲዳታን ጨዲራትላን እያ። ንሳ ብጣዕሚ’ያ ፈሪሃ ነራ፡ እቲ ዘጋጥም ዝነበረ ኵነታት’ውን ኣይርድኣን’ዩ ኔሩ። ኣነ ድማ ደገፍ ንኽትረክብ ሓጊዘያ። ሕጂ ነገራት ኣዝዮም ተመሓይሾም’ዮም ትብል።”





“ጎረቤተይ እቲ ናይ ገዛ ኣላይኡ ወትሩ ገንጨርጨር በሃሊ’ዩ ኢሉኒ። ስምብራት’ውን ኣርእዩኒ፡ ንኽሕግዞ ከኣ ሓቲቱኒ። ብድሕሪ ቴለፎን ምድዋለይ፡ ድማ እቶም ጸገማት ዝሓሹ ኮይኖሞሉ፡ ስለዚ ሕጂ ኣጸቢቑ ሕጉስ እዩ። ብምዝራበይ ድማ ሕጉስቲ’የ”



“ኣጸቢቓ ተጨኒቒ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ሰባት ብገንዘብ ኣዓሽዮም ተጠቒሞምለይ እዮም። ሓደ ሰብ ደገፍ ንኽሓትት ስለዝሓገዘኒ ብሓቂ ሕጉስቲ እየ። ደገፍ ኣዝየ ኣብ ዝደልየሉ ግዜ፡ ሓገዝቲ ሰባት ለካ ኔሮም’ዮም። ሕጂ ኣጸቢቐ ከምዝደሓንኩ እስምዓኒ።”



“ዓርከይ ናይ ትምህርታዊ ስንክልና (learning disability) ኣለዎ። ሰባት ንማዕጾኡ ገም የብሉዎን ብዓውታ ይፍክሩሉን ኔሮም። ብጣዕሚ ተረብሹን ንደገ ከይወጽእ ይፈርህን ኔሩ። ብሓንሳብ ን ማሕበራዊ ክንክን (Adult Social Care) ምስ ደወልናሎም ዘድልዮ ደገፋት ንኽረክብ ሓጊዞሞ።”